መላኺ ጀንዳ ስርዓት ህግዲፍ ተቃዋሚ ሓይሊ ከም ዘሎ ኣሚኑ !

መራሒ ጀንዳ ህግዲፍ ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ'ቲ ንመበል 25 ዓመት ጽምብል ባርነት ታዕሊም (ሳዋ) ብክፍሊ ዕዮ ዜና መከላኸሊ ሚኒስተር ዘካየዶ ቃል መሕተት ተቃወምቲ ከም ዘለዉ ኣሚኑ። ስርዓት ህግዲፍ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 25 ዓመት ዓብይ ክሳራ ከም ዝነበሮ ንዘተበገሰሉ መደባት ከም ዘይተዓወተ ገሊጹ። ኣብ ዝተፈላለየ እዋን ንመንእሰያት ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝወጸ መደባት ከም ዘይተዓወቱን ዳግመ ገምጋማት ክግበረሉን ብዝሓሸ መደብ ስርዓት ትምህርቲ ክስርሓሉ ከም ዘለዎ ገሊጹ።

ኣብ መጀመሪያ 90ታት ድሕሪ ነጻነት ኣብ ዋሽንግቶን ዲሲ ዝተኻየደ ኣኼባ ብዛዕባ መደባት ትምህርቲ ብፍላይ ብዛዕባ ኣስመራ ዩኒቨርሲቲ ንዝቀረበ ሕቶ መላኺ ስርዓት ህግዲፍ ንህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ንመጻኢ ዕድላት መንእሰይ ኤርትራ ንምዝራግ ኣብ ዝተበገሰሉ መደብ ስርዓተ ትምህርቲ ኤርትራ ደቂ ሃገር ጥራሕ ዘይኮኑ ወጻእተኛታት፡ ኪኢላታት ደቂ ወጻኢ ከም ዘለዉ ብብደዐ ዝመለሶ መልሲ፡ ሎሚ ድሕሪ 25 ዓመት ዝፈሸለ ስርዓት ትምህርቲ ከም ዝነበረን ተኣሚኑ።

ጉዳይ ኤርትራዊ መንእሰይ ኣብ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ ጥራሕ ዝተንጠልጠለ መጻኢ ዕድል ኣይነበረን፡ እንታይ ደኣ ብዓብዩ ኣብ ምልኣተ ስርዓተ ሕጊ፡ ሰላምን ዲሞክራስን፡ ማሕበራዊ ፍትሒ'ምበር። ኮይኑ ግን መላኺ ስርዓት ነዚ ዓበይቲ ጉዳያት ጎስዩ ንምኻድ ኣንፈት መወከሲ ዘይብሉ ንዝነበረን ህሉውን ክውንነት ሰሪዙ ባዕሉ ብዝፈጠሮ ታሪኽን ተምሳል ታሪኽን፡ ሓደ ሽነኽ፡ ኣፍራይ መንእሰይ መጻኢ ወለዶ ብዘይ ቅኑዕ ነጻ ትምህርትን ስራሕን ቁጠባዊ ዕብየት ሃገር ከም ዘይህንጽ እንዳፈልጠ ዝገበሮ ምንባሩ ከም ውጽኢት ዘስዓቦ ሓደጋታት ማእለያ ዘይብሉ ጭብጢ ክቀርበሉ ይኽእል።

መራሒ ጀንዳ ህግዲፍ ነዚ ኩሉ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወርድ ዘሎ ግፍዕን መካራን ካብ ነፍሱ ንምርሓቕ ዝጥቀመሉ ሜላ ህዝቢ ኤርትራ ዝላደየሉ መደረ ብቀጻሊ ዝዝረበሉ ምትእትታው ወጻኢ ሓይልታት ከም ኣሜሪካን ኤውሮጳን፡ ተጻባእቲ ጎረባብቲ ሃገራት በብግዜኡ ከም ምስ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ ብፍላይ ወያነ ሓነት ትግራይ፡ ጅቡቲ ወሳሲኽካ መወዳእታ ዘይብሉ ክስታት ተወሲኽዎ ከይዱ ከይዱ ክሳብ'ዚ ትማሊ ዝተገብረ ቃል መሕተት ዝምስከሮን ንሰማዒ ዘስደመመ ባጫ ኣብ ልዕሊ ግፍዕታት መንእሰያታት ኤርትራ ኣብ ሊብያ ብቁዕን እኹልን ጭብጥታት ዘለዎ ንምብጻሕ'ዩ።

ጀንዳ ህግዲፍ ተቃወምቲ እንተሃለዉ ከኣ ልኡኻትን ከዳዓት ዕላማ ዘይብሉም፡ ንረብሓ ገዛእ ርእሶም ዝነብሩ እንዳበለ ከጸልምን ክኸስስን ጸኒሑ። ይኹን ደኣ'ምበር መላኺ ክገፍዕን ክጭቁንን፡ ህዝብና

ከኣ ኣብ ትሕቲኡ ክግፋዕን ክጭቆንን ስለ ዘይነብር ደላይ ፍትሕን ሰላምን ዝኾነ ህዝቢ ከካይዶ ዝጸንሐ ቃልሲ ቀስ ብቀስ ንሓባራዊ ሃገራዊ ረብሓን ድሕነትን ብምውስትውዓል ኣብ ዝተፈላልያ ሃገራት ዝተላዕለ ድምጺ ይኣክል ንመላኺ ስርዓት ህግዲፍ ከም ድላዩ ክዛረብን ከም ቀደሙ ክኸስስን ከጸልምን፡ ዓብይ እምባ ዕርዲ ደለይቲ ፍትሒ ከም ዘይክእል ገይርዎ። በዚ ምኽንያት ከኣ ሰጊርዎ ክሓልፍ ዘይክእል ሓቂ ዕረ እንዳ ጠዓሞ ክዛረበሉ ተገዲዱስ ተቃውሞ ሓደ ወገንዩ ብማለት፡ ንቃልሲ ተባዕ ህዝቢ ኤርትራ ከጸልም ተሰሚዑ። እሞ ሎሚስ ካብ ዓይኒ ህዝቢ ዘይተኸወለ ቃልሲ ደለይቲ ፍትሒ መን ይእመኖ።

ብመሰረቱ ተቃወምቲ ሓደ ወገንዮም ዝተባህለስ፡ መንነቶም ዘይገልጽ፡ ኣየኖት ወገን እዮም'ኳ ዘይፍለጥ ፖለቲካዊ ክሳራ ህግዲፍ ብርግጽ ህዝብና ሰሚዕዎ። መራሒ ጃንዳ ህግዲፍ ባዕሉ ህዝቢ ንምፍልላይ ካብ ዝገበሮ እኪይ ተግባራት መመላእታ'ዩ። ደላይ ፍትሒ ህዝብና ከኣ ዝብሎን ዝጽሕፎን ዝገብሮን ዝሰርሖን ሰኒዱ ንህዝቡ ጆባእ በሃሊ ብምኻኑ ንደለይቲ ፍትሒ ደቁ ኣጸቢቁ ዝፈልጥን ዝርዳእን'ዩ። ህዝብና ዘይፈልጦስ ግዳ ብዛዕባ ድምጹ ሓቢኡ ዝዝቲ ባይቶ ካቢኔ ሚኒስተራት ህግዲፍ'ዩ። 28 ዓመት ከኣ ድምጺ ባይቶ ይኹን ካቢኔ ሚኒስተራት ከይሰምየ ሓሊፉ።

ምልካዊ ስርዓት ህግዲፍ ነቶም ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ንነጻነት ኤርትራ ዓብይ እጃም ዘበርከቱ ጀጋኑ ደቂ ህዝቢ፡ ተጋደልቲ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎት መንእሰያት፡ ሎሚ እንተኾነ ንደሞክራሲያዊ ሰላምን ፍትሕን ዝቃለሱ ዘለዉ መነ መን ምኻኑ ክሳብ ዝጠፍእዎ ኮይኑ ኣሎ። ህዝብኻ ምግጋይ፡ ምኽሓድ፡ ኮይኑ። ኣብ 2013 ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ሂወቶም ንዝሰኣኑ መንእሰያት ዘይህጋውያን ኣፍሪቃውያን ስደተኛታት ተባሂሉ እንድዩ፡ ልክዕ ብልክዕ ግን 2019 ዓመት ደምበ ተቃውሞ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብግፍዕታት ህግዲፍ ተጸዋርነቱ ከይመኸነ ኣለኹ ዝበለላ ዓመት፡ ዘርኣዮ ሃገራዊ ወነም ምጥርናፍን ስርሓትን ምኽንያት ሐስት ጸለም ህግዲፍ ምኻኑ በቲ ካልእ ሸነኽ ዓወት ደለይቲ ፍትሒ'ዩ። ጃንዳ ህግዲፍ ጽቡቅ ደላይ ፍትሒ ክርኢ ክሰምዕ ዘይደለ ፍሉጥ'ኳ እንተኾነ ማዕረ ክንዲዚ ግዙፍ ጌጋ ክገብር ሓይሊ ደለይ ፍትሒ፡ ስኒት ደላይ ፍትሒ ምኻኑ ዘጠራጥር የብሉን።

ዜናን ሓበሬታን ሰዲህኤ

9 ነሓሰ 2019